# ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ካሰል
# ኣብ ወፍሪ ልምዓት ተሳትፎኦም ከምዘዕዝዙ ኣረጋጊጾም

ብዕለት 21.04.2013 ኣብ ከተማ ካሰል ኣስታት 200 ተሳተፍቃ ብሸማግለ መኸተን ሃገራውያን ማሕበራትን ጉጅለታትን ከተማ ካሰልን ከባቢኡን ዘተወደበ "ወትሩ ድሉዋት ንወፍሪ ልምዓት" ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ጭርሖ ኣብ ዘቃንዕዎ ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ፥ ብደሙ ናጽነቱ ዘረጋገጸ ህዝቢ ኤርትራ፥ ብርሃኡ ቀጠባዊ ሓርነቱ ከምዘረጋግጽ ጥርጥር ከም ዘይብሎም ብምምልካት፥ ከም ኩሉ ዜጋን ከም ወትሩን ኣበርክቶኦም ከምዘዕዝዙ ገሊጾም።

መደብ ብኣቦ መንበር ሸማግለ መኸተ ካሰል ኣቶ እዮብ ዓንደሃይማኖት ብዝክረ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋት፥ ብሽም ኣወሃሃዲት ሸማግለ ከተማ ካሰል ዝተዳለወ መልእኽቲ ኣቕረበ። ክቡር ኣምባሳደር ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይ ኣብ ህልው ፖለቲካውን ቁጠባውን ሃገርና ፣ ኣብ ምህናጽ ድልዱል ሃገራዊ ሸማግለን ኣብቲ ንምዕባለ ሃገርናን ቍጠባዊ ዕቤትናን ከነውፍር መንግስቲ ኤርትራዊ ዜጋ ወናኒ ጸጋታቱ ንኽኸውን ዝዕድሞ ዘሎ ሃገራዊ መኣዲ ኣቶኪሩ ሰፊሕ መብርሂ ሃበ። ሕጂ'ውን ምርጫና ሓድነትና ኣደልዲልና ፣ ብጸላእትና ንዝምሰርሑ ፈጠራታትን ካልኦት ብድሆታትን ፊት ንፊት ብጽንዓት መኪትና : ኣብ ቃልስና ጽንዓት ፣ ኣብ ጉዕዞና ሰጡም ሓድነት: ክንገብር ታሪኻዊ ግዴታና እዩ ፣ ክብል መደርኡ ደምደሙ።

ኣደ መንበር ሸማግለ መኸተ ወ/ሮ ሳባ ሰዩም ሎሚ ኣብ ከተማ ካሰል መቐጸልታ ናይ ኣብ ተፈላያ ከተማታት ጀርመን ዝካየድ ዘሎ ጥርኑፍን ጥሙርን ሓያል መኸተ ህዝቢ ኾይኑ፥ ነዚ ንምትግባር ሸማግለ መኸተን ህዝባዊያን ማሕበራትን ማሕበረኮማትን መንእሰያት ህግደፍን ግዱሳት ዜጋታት ኣብ ጀርመን ኣብ ንጥፈታት ጉስጋሳትን ህዝባዊ መኸተ ብዝገበርክትዎ ዕዉት ሰራሕ በዚ ኣጋጣሚ ብሰም ሸማግለ መኸተ ጀርመን ዕዙዝ ምስጋና ኣቕረበት ። ሎሚ ውን ከምትማሊ ፣ እዛ ሓድጊ ጀጋኑ ሰማእታትና ዝኾነት እንኮ ሃገርና ብውዲትን ጠላማትን ጽንጽያ ዓይና ከንፍሩላ ኣይነፍቅድን ኢና! ስለዚ ወትሩ ድልውዋት ንኹን ብምባል ለበወኣ ኣተሓሳለፈት፥

ሰዒቡ ብኣቶ መድሃኔ ተስፋኣለም "ህዝቢ ኤርትራ ስልጡን ባህሊ ዝውንን ዕዉት ህዝቢ እዩ ! „ ብዝብል ኣርእስቲ ሰፊሕ ኣፍልጦ ዘለዎ ትምህርታዊ ጽሑፍ ኣቕረበ። መንእሰይ ሰምሃር ተኸስተ ገብረኣብ "ተራ መንእሰያት ኣብ ምሕያል መኸተ " ብዘደንቕ ኣቀራርባ ብምቕራባ፥ ንተሳተፍቲ ኣዚዩ መሲጡ።

ተሳተፍቲ በቲ ዝቐረበ ጽሑፋት ዕግበቶም ብመገዲ ዉዕዉዕ ጨብጨባ ብድሕሪ ምግላጽ ፤ ብተሳተፍቲ ሃናጺ ዝኾነ ክፉት ዘተን ለበዋታትን ሰምዒት ህዝቢ ዘሰራሰረ ካበየ ከተማኡ ግጥምታትን ብሸማግለታት ተፈላለያ ከተማታት ናይ ደገፍ መልእኽቲን ቀረበ ። ሰዒቡ ኤርትራውያን ተቐማጠ ከተማ ከተማ ካሰልን ከባቢኣን ጀርመን፥ ጥምረቶምን ውዳቤኦምን ብምሕያል ተሳትፎኦም ኣብ ሃገራዊ መደባት ብሓፈሻ ኣብ ወፍሪ ንቍጠባዊ ልምዓት ክብ ከም ዘብሉ ከረጋግጹ ከለው ፣ ኣብ ራህዋ ይኹን ኣብ ጸበባ፥ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት፥ ኣብ ጐኒ ህዝብናን መንግስትናን ደው ንብል ብማለት ከም ምልክት ሓድነቶምን ጽንዓቶምን ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞም እዞም ዝሰዕቡ ኣገሰድቲ ውሳኔታት ኣሕሊፎም።

1. ሰላምን ዕብየትን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዘይደልዩ ፣ ንነኣሸቱ ፍጻመታት ኣተዓባብዮምን ዘይትርጉሙን ትንታኔኡን ሂቦም ፣ ዘይነበረን ዘይተገብረን ፍጻሜታት እናደረሱ ፣ ብስነ-ኣእምሮኣዊ ኲናት ኣብ ህዝቢ ናዕብን ፍልልያትን ከሳውሩ ኣብ ህርድግ ዝርከቡ ደመኛታት ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ፣ ኣትሪርና ንኹንን ፣

2. ዓይኖም ሰለም ከየበሉ ፡ ብሓደ ኢዶም ኣፍራዛ ሃገር ንምልማዕ ፡ በቲ ካልእ ንልዑላዊ መሬትና ከይደፈር ኣብሓለዋ ዝርከቡ ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ እናመጉስና ወትሩ ኣብ ጐደኖም ከም ዘሎና ደጊምና ነረጋግጽ ፡

3. ቀጠባዊ ዕብየት ሃገርናን ፡ ምስኡ ንዝረጋገጽ ሰላምን ቅሳነትን ፡ ክርእዩ ዘይወሓጠሎም ተጻባእቲ ፡ ቀጠባዊ ጉዕዞና ንምኹላፍ ዝፍሕስዎ ዘለዉ ዝተፈላለየን ኣደናጋሪ ሓሶትን ጸለመን ፡ ኣትሪርና ንኹንን ፡

4. መንግስትና ካብ'ቲ ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር ዝብል ቅኑዕ መትከሉ ተበጊሱ ፡ ምእንቲ ሰላምን ምሕዝነትን ኣብ ከባቢና ዘካይዶ ዘሎ ውሕሉል ዲፕሎማሲያዊ ኣተሓሕዛ እናመጉስና ፤ እቲ ኣብ ክንዲ ሰላም ህውከት ፡ ኣብ ክንዲ ምዕባለ ከበሮ ኲናት ዝድስቕ ፡ ንኣህጉራዊ ሕግን ብዩንን ረጊጹ ዘሎ ስርዓት ወያነ ብህጹጽ ካብ ልዑላዊ መሬትና ክወጽእ ደጊምና ነትሓሳስብ ፡

5. ከምቲ ``ጭጉራፍሲ ንባዕላ ወቒዓ ተእዊ`` ዝበሃል እቶም በቲ ኣብ መንእሰያትና ኣብ በረኻታት ሲናይ ዝበጽሖም ዘሎ ኣደራዕ ፡ ቀንዲ ትሓተትን ሃዋርያት ጥፍኣትን ክንሶም ፡ ደይ መደይ ኢሎም ንመንግስቲ ኤርትራ ከላግቡን ብምግሃስ ሰብኣዊ-መሰል ክኸሰዎ ዝህቅኑ ዘለዉ ከንቱ ፈተነታት ኣጥቢቕና ንኹንን ፡

6. መንግስትና ብቀጻሊ ክጠልቦ ንዝጸንሐ ሃናጺ ጽምዶ ሃገረ ጀርመንን ሕብረት ኣውሮጳን እናደገፍና ፡ ሕብረት ኣውሮጳ ከም ኣውሓሲት ውዕል ኣልጀርስ መጠን ንተግባራውነት ውዕል ኣልጀርስ ሓላፍነታ ከተልዕል ደጊምና ንጽውዕ፡

7. እቲ ጭብጥን መርትዖን ዘይብሉ ዘሕንኽ ዓማጺ እገዳ §1907 §2023 ዝፍለጥ ብዘይ ውዓል ሕደር ክልዓል ንጽውዕ

8. መንግስቲ ኤርትራ ኣህጉራዊ ሕጊ ተኸቲሉ መሰል ዜጋታቱ ንምኽባርን ወጽዕኦም ንምውጋድን ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታት እናደገፍና ፡ ነቲ ውጥን መንግስትና ፡ ኣብ ነብስኻ ምኽኣል ምርኩስ ብምግባር ፡ ዘሰላስሎ ዘሎ ናይ ነጥበ-መቐይሮ ውህሉል ቀጠባዊ ዕብየት እናኣደነቕና ፡ ኣብ'ቲ ተሪፉ ዘሎ ሃገራዊ ዕማም ከም ዜጋታት እጃምና ከነበርክት ቅሩብነትና ነረጋግጽ ፡

9. ኣብ ጐድኒ ህዝብናን መንግስትናን ኰይንና ከም ወትሩ ውዲቶም ንምፍሻል ሎሚ'ውን መኸተና ከነዛይድ ድሉውነትና ነረጋግጽ ፡

መደብ ህዝባዊ መኸተ ኣብ ከተማ ካሰል ብህዝባዊ መዝሙር ኤርትራ ብድሕሪ ምድምዳም ፡ ኣብቲ ብወናም ብስነጥበባዊት ርምደት ኣለም ዝተዳለወ ውዕውዕ ባህላዊ መደብ ብምዝንጋዕ ብዓወት ተዛዘመ።።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰውኣትና
ዓወት ንሓፋሽ !
ሽ/ ህዝባዊ መኸተ ካሰል ከባቢኡን
ዕለት 21.04.2013